# ሰንበት ዘቅድስት ዘጾም ፪

## የካቲት 19 2015 ዓ.ም. (2/26/2023)

መዝሙር፡ ግነዩ ለእግዚአብሔር ወጸውዑ ስሞ. . . .ንእግዚአብሔር አገልግልዎ ስሙ ጸውዑ ተግባራቱ ነሕዛብ ንገርዎም ንስሙ ክብሪ ሃቡ። ንጽድቂ ተገዝኡ መዝገብኩም ነቓዝ አብ ዘየንቅዞ ሠራቒ አብ ዘይረኽቦ አብ ሰማይ ዕቘርዎ፥ ስንድዋት ኩኑ አብቲ ክርስቶስ ዘለዎ ንበሩ፥ ናይ ላዕሊ ሕሰቡ አብኡ መዝገብ ተዓቍርልና አሎ እሞ ንብጻይና ነፍቅር ርእስና ነትሕት ሰንበት ነኽብር። እናበለ ሕይወትና ምስ አምላኽን ሰብ ክህልዎ ክሕዞ ዝግብኦ መገዲ የዘኻኽረና። ጉዳይ ሰማይ ተነቃፊ ብቐሊል ዘይመልክዑ ክነልብሶ ስለ እንኽእል ዓቢ ምስትውዓል ከም ዘድልየና የዘኻኽረና።

ንባባት፡ ፪ቆሮ 5፡16-ፍ፥1ጴጥ.1፡13-ፍ፥(ኢዩኤል 2፡12-18; ግ.ሓ.10፡17-30፥ማቴ 6፡1-18

ስብከት፡"እግዚአብሔርሰ ሰማያት ገብረ፥ አሚን ወሰናይት ቅድሜሁ። ቅድሳት ወዕበየ ስብሓት ውስተ መቅደሱ" "እግዚአብሔር ግና ሰማያት ገብረ፥ ግርማን ክብርን ይኸቦ፥ መቕደሱ ኸአ ብኃይልን ጽባቐን ምሉእ እዩ" መዝ። 96፡5።

አብ መዝሙር ዘቅድስት ሕይወትና ምስ አምላኽን ሰብ ክህልዎ ክሕዞ ዝግብኦ መገዲ የዘኻኽረና። ጉዳይ ሰማይ ተነቃፊ ብቐሊል ዘይመልክዑ ክነልብሶ ስለ እንኽእል ዓቢ ምስትውዓል ከም ዘድልየና የዘኻኽረና።

አብ ጊዜ ጾም ፪ ፍሉይ ጸሎት አስተንትኖ ተጋድሎ ክንገብር ቤተ ክርስትያን ተዘኻኽረና። እዚ እዋን እዋን ንስሓ እዋን ዕርቅን ሕድገት ኃጢአትን እዩ፥ አብ አምላኽ ተመሊስና ፍቕሩን ጸግኡን ክነስተማቕር አብ መንገና ንዘሎ ጸገም ምእንቲ አምላኽ ኢልና ክንሓድግ ከምኡ መገዲ አምላኽ ክንሕዝ ዝሕግዘና ቅዱስ እዋን እዩ።

አብ አምላኽ ዝመልሰና መገዲ ንሓዝ፡

አብ ኢዩኤል ነብይ 2፡12-18 ዘሎ እንተ አንበብና ነዚ እዋን ጾም እዩ ዘመልክት። ኩሎም ንባባት አብ ጊዜ ጾም እነንብቦም ንሕማማት ኢየሱስ ከም ዝግባእ ክንርዳእን ነቲ ዝዓበየ ብዓልና ትንሣኤ መድኃኒና ብዝያዳ አብ ሕይወትና ብምሉእ አወሃሂድና ክነብዕሎ ክሕግዙና ምእንቲ እዮም ተቐሪቦምልና ዘለዉ። ነፍስወከፍ ነቲ አብ ግጻዊ ዘሎ ንባባት ነናይ ዕለቱ እንተ አንበብና ዓቢ መንፈሳዊ መኽሰብ ክንረክብ ንኽእል። እግዚአብሔር ካባና ዝደልዮ ክንርኢ ንኽእል ከምኡ አብ ሕይወትና እቲ ክንገብሮ ዝግብአና ክንገብር እሞ አብ መገዲ አምላኽ ክንምለስ ክሕግዘና ይኽእል።

ኢዩኤል ነብይ ብዙሕ ብዛዕብኡ ዘይፍለጥ ነብዩ እዩ፥ ስሙ አብ መንጎ እቶም ብዙሓት ነብያትን ጸሓፍቲ ቅዱስ መጽሓፍ ተጠቒሱ ንረኽቦ። አብ ጽሑፉ ብምርአይ ንሱ አብ ይሁዳ አብ ጊዜ ግዝአት ፋርሳውያን (ፐርስያውያን) አብ ታሪኽ አይሁድ (539-331 BC) ይነብር ከምዝነበረ ክንፈልጥ ንኽእል። መብዝሕትኡ ጥቕስታት አብዚ ጽሑፍ እንረኽቦ ንአሶራውያን ወይ ባቢሎናውያን አይጠቅስን ስለዚ ዝነበረሉ ዝነበረ አብ መንጎ 400-350 BC እዩ ክኸውን ዝኽእል። ኢዩኤል ካብቶም ብዛዕባ ስርዓት አምልኾ ዝዛረብ ነብይ እዩ፥ እዚ ማለት ከአ አገልግሎቱ አብቲ አብ ቤተ መቕደስ ዝግበር ዝነበረ ነገራት ብዝርኢ ዘተኮረ እዩ።

አብ ምዕራፍ ክልተ ኢዩኤል ብዛዕባ አንበጣ ምምጻእ ይዛረብ እዚ ኸአ ፍርዲ አምላኽ ከምዝገልጽ ይነግር። አምላኽ ክንስሑ ክምለሱ ከም ዝደሊ ዝገልጽ ገሩ ይዛረብ። እምብአርሲ ሕጂውን

ብጾምን ብብኽያትን ብቊዝማን ብምሉእ ልብኹም ኣባይ ተመለሱ እናበለ ይነግር። ኣብ ስርዓት ኣይሁድ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ክጾሙ እዩ ዝእዝዝ እዚ ኸኣ ኣብ መዓልቲ መዓልቲ ሕድገት ኃጢአት Day of Atonement (ሌዋ 16፡31) ከምኡ ኣብ ዓቢይ ጉድኣት ባህርያውን ሰብ ዘምጽኦ ዝወረደሉ እዋን ጥራሕ እዮም ዝጾሙ። ኣብ ዳሕረዋይ ዘመን መማህራን ሕግን መራሕቲ ሃይማኖትን ብዝያዳ ክጸድቁ ኢሎም ዝወሰኽዎ እዩ እቲ ኣብ እዋን ኢየሱስ ዝጽወም ዝነበረ። ኣብ ርድኢት ኣይሁድ እምብኣር ጾም ክብሃል እንከሎ ህዝቢ ኃጢአቱ ተኣሚኑ ኣብ ኣምላኽ ዝመልሶ መገዲ ክሕዝ እንከሎ ምልክት ንስሓን ርእሰኻ ኣብ ኣምላኽ ምቕራብን እዩ።

ኣብ ንስሓ ዝጽውዕ ኣምላኽ ባዕሉ እዩ፡

ኢዩኤል ነቲ ህዝቢ ክንሳሕ ኣብ ኣምላኽ ክምለስ ይነግሮ፥ እግዚኣብሔር እዩ ዝጽውዕ ዘሎ፥ ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ ብጾምን ብብኽያትን ብቊዝማን፥ ክዳንኩም ዘይኮነስ ልብኹም ድኣ ቅደዱ እናበለ ይነግሮም ነሩ፥ ስለምንታይ? ምኽንያቱ ንሱ ንኹራ ደንጓዪ ብምሕረት ከኣ ምሉእ ካብ ክቐጽዕ ኪርኅርኅን ኪምሕርን እዩ ዝፈቱ (ኢዩኤል 2፡13)። እዚ ነቲ ዮናስ ነብዩ ዘይቅበሎ እግዚኣብሔር ንኃጥኣን ብቐሊል ዝምሕር ዝብል ኣብ ኢዩኤል እግዚኣብሔር መሓሪ ከምዝኾነ እዩ ዝነግር። ኣብዚ እንርእዮ ኣምላኽ ንህዝቡ ንንስሓ ከምዝጽውዕ እዩ። ንስሓ ክብሃል እንከሎ ኣብ ዝሓለፈ ዝተገብረ ምጥዓስ ኣይ ኮነን፥ ጨሪሽካ ሕይወትካ ምቕያር እዩ ዘስምዕ። ዝያዳ ዝጽቀጠሉ ኣብቲ ውሽጣዊ ለውጢ እምበር ኣብ ግዳማዊ ነገር ኣይኮነን። ክዳንኩም ዘይኮነስ ልብኹምድኣ ቕደዱ።

ጾም ንኣና እውን ውሽጣዊ ሕይወትና ንምቕያር እምበር ንስለ ስርዓት ጥራሕ እንገብሮ ኣይኮነን። ንንኣሽቱ ነገራት ብዙሕ ዘይጎድኡና እንተ ጾምና፥ ጾምና ጥቕሚ የብሉን። ልዕሊ ጾም ዝኸይድ ንነፍስና ዝጠቕመና ኣብ ውሽጣዊ ሕይወትና ለውጢ ኣምጺኡ ኣብ መኣዲ ቅድስና ዝጽንብረና ንጉዕዞ ሕይወትና በቲ ቅኑዕ መገዲ ዝመርሓናን ዝሕግዘናን ክኸውን ኣለዎ። ኣምላኽና ፈቃር ኣምላኽ እዩ። ንሱ ንኹራ ደንጓዪ ብምሕረት ከኣ ምሉእ፥ ካብ ኪቐጽዕ ኪርኅርኅን ክምሕርን እዩ ዚፈቱ እሞ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ተመለሱ (ኢዩኤል 2፡13) ይብል። እዚ ዳርጋ ኣብ ብሉይ ኪዳን መምርሒ ኮይኑ ብተደጋጋሚ ንህዝበ እስራኤል ዝንገር ዝነበረ እዩ፥ ሎሚ ቤተ ክርስትያን ነዚ ጾም ፵ ክንኣቱ ከሎና ንኣና እውን ድላይ ኣምላኽ ትነግረና ኣላ። ከምዚ ምስ እንገብር ጥራሕ ኢና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክንቀውምን ክንኣቱን እንኽእል።

ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ንስሓ ክብሃል እንከሎ ናይ ጣዕሳ ስምዒት ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ዝተገብረ በድል ሕድገት ምልማን ጥራሕ ኣይኮነን። ኣብ ሕይወትካ ምሉእ ለውጢ ምግባር ማለት ኣተሓሳስብኻ ጨሪሽካ ምቕያር፥ ንሕይወትካ ብሓዲስ መልክዕ ምርኣይ፥ መገድኻ ቀይርካ በቲ ቅኑዕ መገዲ ምጉዓዝ እዩ። ኣብ ወንጌል ነዚ መታኖያ (Metanoia ዝብሎ እዩ ማለት ጨሪሽካ ካብቲ ዝነበርካዮ ምልዋጥ እዩ። ፍጹም ለውጢ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትካ ምግባር ከምኡ ኣብ ኣረኣእያ ትርጉም ሕይወት ዝነበረካ ጨሪሽካ ምቕያርን ነቲ ሓዲስ መገዲ ሒዝካ ምጉዓዝን እዩ።

ዝድለ ዘሎ ንስሓ ከመይ እንተ ገበርና ኢና ኣብ ግብሪ ክነውዕሎ እንኽእል?

“ኣብ እምባ ጽዮን መለኸት ንፍሑ፥ ጾም ኣውጁ፥ ኣኼባ ጸውዑ፥ ህዝቢ ኣክቡ፥ ቅዱስ ጉባኤ ከምዘሎ ንገሩ፥ ኣረገውቲ፥ ቆልዑት፥ ሕፃናት ዚጠብዉን ከይተረፈ ኣክቡ. . . . . መርዓዊ ካብ ቤቱ ይውጻእ፥ መርዓት ከኣ ኻብ ሕልፍኝኣ ትውፃእ. . . . ክህናት ኣገልገልቲ እግዚኣብሔር ይለምኑ፥ ኩሎም ብሓባር ንምሕረትን ሕድገትን ይለምኑ። ነፍስወከፍ ካብ ኃጢአቱ ክምለስ ሕድገት ኃጢአቱ ክልምን እዩ ዝድለ ዘሎ። ካብ ካህናት ክሳብ ሕፃናት ኩሎም ብመሪር ሓዘን ክንስሑ ይግባእ። ኣብዚ እግዚኣብሔር ከም ምዝኽኻር ዝደሊ ገሩ የቕርቦ ኦ ግዚኣብሔር ንህዝብኻ ንሓፎ ንርስትኻ ኣሕዛብ ክገዝእዎ ኣኅሊፍካ ኣይትሃቦም፥ ስለምንታይከ ኣኀዛብ ኣምላኽኩም ኣበይ ኣሎ እናበሉ ዘላግጹልና ኢሎም እናጸለዩ ይብከዩ ይብል።

ኣምላኾም ኣበሎ ከይብሉና? ኣብ ምህልላ ዘመነ ፍልሰታ “ኣምላኾም ኣበሎ ከይብልኑ ምህልላና ስምዓና” እናበልና ንጽሊ። ኣብ ዓለም ዝተፈላለየ ዓበይቲ ጸገማት ባህርን ሰብ ዝፈጠሮን ተገሩ ንኣብነት ውግእ ዓለም ክልቲኡ፥ ናዚ ሚልዮናት ሰባት ክቐትሉ እንከለዉ ኣምላኽ ኣበይ ነሩ? ዓድና ብጸልኢ ክነድድ ክሕረድ ክጠፍእ ኣምላኽ ኣበይ ነሩ? ኣኽረርቲ ኣስላም ንንጹሓት

ክርስትያን ክሓርዱ ክቐትሉ እንከለዉ ኣምላኽ ኣበሎ? እዝን ከምኡ ዝምስልን ብዙሕ ጊዜ ዝሕተት ሕቶታት እዩ።

እቲ ሕቶ ኣምላኽ ኣበይ ነሩ ዘይኮነ "ንሕና ኣብይ ነርና? ኣበይ ኣሎና እዩ። ኣብ ትንቢት ኢዩኤል ነብይ ኣምላኽ ይምልስ እዩ፥ ጸሎቶም ይስማዕ እቲ ጥፍኣት ደው የብል። ኣምላኽ ንህዝቡ ደንገጸሉ ይብል። ሎሚ ካባና ዝድለ ዘሎ ንነገራት ከምቲ ኣምላኽ ዝርእዮ ርኢና ክንጽሊ ይግባእ። ንባባትና ብምስትውዓልን ኣስተንትኖን ንርእዮ እምበር ኣምላኽ ሎሚ እውን ካባና ርሑቕ ኣይኮነን።

ኣብ ቀዳመይቲ ንባብ ካብ ካልኣይቲ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ዝጸሓፋ ሓያልን ንጹርን ንኣና እውን ነዚ ጾም ክንጅምር እንከሎና ዘሰምዕ ነንብብ ኢና ኣምቢብና።

- ፩ይ ንሕና ኣምባሳደራት ክርስቶስ ከምዝኾና የዘኻኽረና። ኣምላኽ ኣብ ዓለምና ዝርእ ዝስማዕ ዝፍለጥ ብቃልና ግብርናን ብስብከትና እዩ። እዚ ዓቢ ሓላፍነትን ብፍላይ ኣብዚ እዋን ጾም ብዝያዳ ክንሓስበሉን ክንስከፈሉን ዘሎና ጉዳይ እዩ። ዓለምና ሎሚ ኣምላኽ ዝተኸወላ እያ እትመስል ዘላ። ሰብ ኣብ ነነድሕዱ ክጭኻኸን ክጣለም ኣብ ስድራታት ምብትታን በዚሑ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ኣብ መንጎ ደቂ ዓዲ ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ሰባትን ሃገራትን ኮታስ ኣብ ኩሉ ጽልእን ጥልመትን በዚሑ። ጳውሎስ ነዚ ልኡኻት ኣምላኽ ኮና እንቕይር ንሕና ኢና ይብለና። ኣብዚ ክፍታሕ ክዕረቕ ዘይክእል ኮይኑ ዝርእ ዓለም ልኡኻት ኣምላኽ ኮና መልእኽቱ ክነብጽሕ ዝተሓረና ልኡኻት ንሕና ኢና።

ኣብዚ እዋን ጾም ነዚ ዝለበስናዮ ሓላፍነት ብዝያዳ ክነስተንትነሉ ኣነ ከም ኣነ ናይ መን ኣምባሳደር ናይ መን ወኪል ወይ ልኡኽ እየ ዘሎኹ ኢልና ንርእስና ክንርኢ እዋኑ እዩ። ቤትካ ከየጽረኻ ቤት ካልእ ከተጽሪ፥ ምስ ሓዳርካ ምስሓውኻ ሓፍትኻ ጎረበትካ ወዲ ዓድኻ ሰላም ከይገበርካ ብዛዕባ ሰላም ክትዛረብ ዘይክእል እዩ? ስለዚ ከመለኹ ኢልና ንርእስና እስከ ንፈትሽ ሽዑ ብዙሕ ዘሰክፍ ጠባይን መንፈስን ግብርን ክንርኢ ኢና። ጾምና ብኣና ክጅምር ኣለዎ እምበር ብኻልእ ኣይኮነን ዝጅመር።

- ፪ይ እግዚኣብሔር ንሕና ብክርስቶስ ተኻፈልቲ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ኽንከውን ኣምላኽ ነቲ ኃጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ኃጢኣተኛ ገበሮ ይብል ጳውሎስ ሓዋርያ። እዚ ማለት ኢየሱስ ኃጢኣት ዘይብሉ እንከሎ ነቲ ኹሉ ሳዕበን ኃጢኣት ዘበለ ኩሉ ተቐቢሉ ብፍላይ መስቀል ጸሩ ኣብኡ መይቱ። ኣብዚ ዘብጽሖ ምኽንያት ከኣ ንሕና ኣብቲ ቅድስና ኣምላኽ ሱታፌ ክህልወና ምእንቲ እዩ።

ኣብ ሕይወትና በቲ ኢየሱስ ዝተጓዕዞ ክንጉዓዝ ጽዉዓት ኢና፥ ንስቓይ ክንዕገስ እሞ ከምቲ ዝሞቶ ክንመውት። ኣብዚ ልዕሊ ኩሉ ክንብሎ ወይ ክንገብሮ ዘይንኽእል እናገበርና ኣምባሳደራት ኢየሱስ ክርስቶስ ክንከውን ንኽእል። ስለዚ ይብል ቅዱስ ጳውሎስ ከምቲ ንሰብ ቆሮንጦስ ዝበሎ እዚ ዓቢ መግለጺ ስራሕ ኣምላኽ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝተፈጸመ ከንቱ ከይከውን ሓደራ ይብለና።

ጾም ንኣና ትርጉም ሕይወት ኢየሱስ ክርስቶስ ብዕምቀት እነስተንትነሉን ብፍሉይ ከኣ ነቲ ምእንታና ኢሉ ዝተሳቐዮ ስቓይን ሕማምን ሞትን ኢልና እንሕልፎ ጊዜ እዩ። ከምኡ እዚ ንሱ ዝገበሮ ከመይ ኢልና ኣብ ሕይወትና ለውጢ ከምጽእ እንጽዕረሉ እዋን እዩ። ሕጂ እዩ እቲ ምቹእ ሰዓት ሕጂ እዩ መዓልቲ ምድኃን። ንክርስትያን መዓልቲ ምምላስን ምቕያርን ሕጂ እምበር ውዓል ሕደር ዘይብሉ እዩ። ጾምና ፍረ ክህልዎ ንመለስ ንነሳሕ ኣምላኽ ከኣ ገጹ ክመልሰልና እዩ።

ጾምና ንስሓ ኃጢኣትና ገርና ኣብ ኣምላኽ እንምለስ ይገበረልና!

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ